El- och energiprogrammet

2011-02-24



# ፕሮግራም ኤለክትሪክን ጸዓትን

TIGRINJA

Utbildningsinfo

Skolverket

ፕሮግራም ኤለክትሪክን ጸዓትን። ናብ ሞያዊ ዲፕሎማ ዜመርሕ ፕሮግራም ሞያ እዩ፣

ፕሮግራም ኤለክትሪክን ጸዓትን። ናብቶም ብምትእትታው ኤለክትሪክ። ምኽዩን መፍረ (ኣውቶማቲሰራድ)። ቴክኒካት ጸዓት። ከባብን ማይን ወይ ከኣ ኮምፒዩተርን ኮሙኒኬሽንን ኪሠርሑ ዚደልዩ ዚቐንዐ'ዩ፣

ነዚ ፕሮግራም'ዚ ዛዚምካ። ወይ ብቐጥታ ሥራሕ ትጅምር ወይ ከኣ ትምህርትኻ ኣብ ኮለጅ ሞያ ክትቅጽል ትኽእል፣ ትምህርትኻ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክትቅጽል'ውን ኮርሳት ክትመሃር ትኽእል ኢኻ፣

## ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት

### ምኽያነ (ኣውቶሚሽን)

- ብዛዕባ ቴክኒክ ኤለክትሪክ። ቴክኒክ ኮምፒዩተርን። ሥርሒትን። ኣለይመለይን ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት'ዚ። ከም ክኢላ ኣውቶሜሽን። ንኣብነት ኣብ ህንፃታት። ኢንዱስትርን መሥርሕን ዕድል ይኸፍት፣

### ቴክኒክ ኮምፒዩተርን ኮሙኒኬሽንን

- ኣብ ምትእትታው (ኢስታላሹን) ምምሕዳርን ዕረያን ሥርዓታት (ሲስተማት) ኮምፒዩተርን ኮሙኒኬሽንን ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት'ዚ ከም ክኢላ መፍረ ኤለክትሮኒክ (ኤለክትሮኒክፕሮዱክሹንተክኒከር)። ከም ክኢላ ኣገልግሎት ገዛ (ሄምሰርቪስተክኒከር) ከምኡ'ውን ክኢላ መርበብ (ነትቨርክስተክኒከር) ክትሠርሕ ዕድል ይኸፍት፣

### ኤለክትሮቴክኒንክ

- ኣብ ምትእትታውን ዕረያን ትካላት ኤለክትሪክ። ሓለዋ (ኣላርም)። ቲቪን ኮምፒዩተርን ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት'ዚ። ከም ክኢላ ምትእትታው ኤለክትሪክ (ኢንስታላሹንስኤለክትሪከር)። ክኢላ ኤለክትሪክ ኢንዱስትሪ (ኢንዱስትሪኤለክትሪከር) ክኢላ መገዲ ባቡርን ምልክት ትራፊክን ክትሠርሕ ዕድል ይኸፍት፣

### ቴክኒክ ጸዓት

- ብዛዕባ ኣለይመለይን ዕማማት ኣገልግሎትን ኣብ ጽላታት ጸዓት። ከባቢ። ማይን መሥርሓትን ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት'ዚ። ኣብ ሥራሓት ቴክኒክ ጸዓት (ክራፍትቴክኒክ)። ቴክኒክ ዋዒ (ቨርመቴክኒክ)። ቴክኒክ ማይን (ቫተንቴክኒክ) ከባብን (ሚልዮቴክኒክ) ከም ኣካያዲ (ኦፐረይተር) ክትሠርሕ ዕድል ይኸፍት፣

## ኣብዚ ፕሮግራም እትመሃሮም ነገራት

ብዛዕባ መፍረ። ምትእትታው (ኢንስታላሹን) ምክፍፋልን ሥርዓት ኤለክቲሪክ። ጸዓትን ማይን ትመሃር፣ ብዛዕባ ቴክኒክ ኤለክትሪክን። ጸዓትን። ምኽያን። ቴክኒክ ኮምፒዩተርን ኮሙኒኬሽንን። ትሕተ-ቕርጺ ቴክኖሎጂ-ሓበሬታ (ኢ.ተ) ትመሃር፣ ብዛዕባ ሕቶታት ድሕነት። ከም መለከዒ ድሕነት ሓበሬታን ተጽንዕ፣

ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ። ዓቢይ ሚዛን ዚወሃቦም እቶም ኣብ ምህናፅ ምሉእ ጥዕናን። ምክልኻል መጉዳእቲ-ሥራሕን ዘገድሱ ሕቶታት ሃዋህው ሥራሕ'ዮም፣

## ኣሠራርዓ ናይ'ዚ ፕሮግራም ከም'ዚ ዚስዕብ ይመስል

ኣብ ፕሮግራማት ሞያ። እቶም ሓባራውያን ዓይነታት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ እዞም ዚስዕቡ እዮም። እንግሊዝኛ። ታሪኽ። ስፖርትን ጥዕናን። ሕሳብ። ሳይንስ። ትምህርቲ ሃይማኖት። ማኅበራዊ ሳይንስ። ሽወደንኛ ወይ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ፣ ኣብ ፕሮግራማት ሞያ። ሓያሎ ትምህርትታት ሞያ ማለት ምስቲ ሞያ ፍሉይ ዝምድና ዘለዎም (ካራክተሽኤምነን ዚበሃሉ) ትመሃር፤ እቶም ኣብ መባእታዊ ትምህርቲ እትመሃሮም ዓይነታት ትምህርቲ ኸኣ ይንከዩ፣

ምስ ፕሮግራም ዚዛመዱ ሓባራውያን ዓይነታት ትምህርቲ (ካራክተሽኤምነን) እዞም ዚስዕቡ እዮም።- ቴክኒክ ኮምፕዩተርን ኮሙኒኬሽንን። ኤለክትሮቴክኒክ ቴክኒክ ጸዓትን መካኒካዊ ኤለክትሮኒክን (መካትሮኒክ)፣

ኣብዚ ፕሮግራም ብፍሉይ ክእለት ክትውሕልልን ፍልጠትካ ከተግፍሕን ዕድል ኣሎካ፣ ትምህርቲ ምዕማቐ ድማ ይበሃል፣ ነቲ ቤት ትምህርቲ ተወኪስካ ብዕምቈት ክትመሃሮም ትኽእል ዓይነት ትምህርትታት ዚውፍዩ እንተኾይኖም ኣረጋግጽ፣

ዝደለኻዮ ዓይነት ትምህርቲ ክትመሃር ዘኽእል ውልቃዊ ምርጫ'ውን ኣሎካ፣ ኣየኖት ኮርሳት ከም ዘለዉ ክትፈልጥ። ኣብታ ቤት ትምህርቲ ሕተት፣

## መልክዓት ሥራሕ

እዚ ፕሮግራም'ዚ። ብኣጋባብ ሕሳባዊ ቅማረ ተሓጊዝካ ንውልቅኻ ወይ ምስ ካልኦት ሓቢርካ ጠቐምቲ ግድላት ካብ ምፍታሕ ዚተበገሰ'ዩ፣ ምስ ካልኦት ናይ ምትሕብባር ዓቕምኻ ንምድንፋዕን። ዓሚላት ረኺብካ። ኣብ ትካላትን ኣባይትን ሥራሕ ክትዓምምን ትዕለም። መደብ ከተውጽእ። ዚመደብካዮ ሥራሕ ክትዓምምን። ዓይነቱ ከተረጋግጽን ትመሃር፣ ቅኑዓት ኣቑሑን ንዋትን ክትጥቀም ትመሃር፣

## ሥራሕ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ (ዱምናሴኣርበተ)

ኣብ መዛዘሚ ፕሮግራም ኤለክትሪክን ጸዓትን። በቲ ዚመረጽካዮ ሞያ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሥራሕ ክትዓምም ኢኻ፤ ኣብዚ ሥራሕ'ዚ። በቲ ዝተመሃርካዮ ሥራሕ ንክትጅምር ዘኽእለካ ፍልጠት ከም ዚቐሰምካ ተርኢ፣

## ኣብ ሥራሕ ዝተወዝዐ ትምህርቲ

ሓደ-ሓደ ክፋላት ናይ'ዚ ትምህርቲ እንተ ወሓደ ን 15 ሳምንታት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ-ሥራሕ ይካየድ፤ ኣብ ሥራሕ ዝተወዝዐ ትምህርቲ (ኣርቤትስፕላትስፎርላግት ለራንደ APL) ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። እዚ ኸኣ ኣገዳሲ መዳይ ናይ'ዚ ትምህርቲ'ዩ። ኣብ APL ብምንጣፍካ ተሞክሮታት ትቐስም፤ ብተወሳኺ'ውን ድሒርካ ሥራሕ ኣብ እተናድየሉ ህሞት ዚጠቕመካ ርክብን ሌላታትን ተጥሪ።

## ትምህርቲ ተልመደን

ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ-ተልመደን (ለርሊንስኡትቢልድኒን) ምምራጽ ይከኣል'ዩ፣ እዚ ማለት ድማ። ሓደ ዓይነት ትምህርቲ እንዳቐሰምካ። እንተወሓደ ፍርቂ ክፋል ትምህርትኻ ኣብ ሓደ ወይ ሓያሎ ቦታታት ሥራሕ ተሕልፎ፣

## ክትሓስበሉ ዘለካ

ብቕዓት ትምህርቲ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ኪህልወካ ድላይ እንተሎካ። ኣቐዲምካ መደብ ትምህርቲ ከተውጽእ ኣገዳሲ'ዩ፣ ኣብ ውልቃዊ ምርጫኻን (ኢንዲቪዱዌላ ቫለት)። እቲ ትምህርቲ ቤት ዚውፍዮ እንተ ኾይኑ ድማ። ኣብ ምዕማቑ ፕሮግራምን። እቶም ብቕዓት ትምህርቲ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ንምርካብ ዘድልዩኻ ኮርሳት ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ፣ እዚኣቶም ድማ ትምህርቲ ሽወደንኛ። ትምህርቲ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋን (ስቨንስካ ሶም ኣንድራ ስፕሮክ) ትምህርቲ እንግሊዝኛን'ዮም፣ ትምህርቲ ክትቅጽል መደብ እንተሎካ። ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን (ስቱድየቬግሌዳረ) ረኺብካ ኣዛርብ፣

ብስም ውልቃዊ ምርጫ (ኢንዲቪዱወላ ቫል) ተወሳኺት ኮርስ ካብ ስፖርትን ጥዕናን ከምኡ'ውን ሓንቲ ኤስተቲካዊት ኮርስ ክትመርጽ ኩሉሳዕ መሰል ኣሎካ፣